ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# ውድባዊ መግለጺ፡
# ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡
# ብምኽንያት 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፡

ጉንቦት 24፡ ኤርትራ ሃገርና ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ዝኾነትላ ክብርቲ ዕለት እያ። ነዛ ክብርቲ ዕለት'ዚኣ በብዓመቱ ክንዝክራ እንክሎና፡ ነቶም ምእንቲ'ዛ ሓላል መሬትን ኣብ ሑቕፋ ዝነብሩ ክቡራትን ምቕሉላትን ህዝብታትና ክብሉ፡ መተካእታ ዘይብላ ክብርቲ ሂወቶም ዝወፈዩ ጀጋኑ ሰማእታትናን ፍርቂ ኣካሎም ገቢሮም ዝኣተዉ ሓርበኛታትናን ብኽብሪ ንዝክረላ ዕለት እያ፤ ብተወሳኺ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ጉልበቶም፣ ፍልጠቶም፣ ንብረቶም፣ ገንዘቦምን ጥሪቶምን ብምውፋይ፡ ዘካየዱዎ ዘይሕለል ጅግንነታዊ ተጋድሎ ዝግበኦ ክብሪ ንህበላ ዕለት'ውን እያ።

እዚ ኹሉ መስተንክር ጅግንነትን ከቢድ ኩሉ-መዳያዊ መስዋእትነትን ዝተኸፈለ፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ገዛእ ሃገሮም  ቀሲኖም፣ መሰሎምን ማዕርነቶምን ተኸቢሩ፡ ብጎደና ምዕባለ ንቕድሚት ዝምርሹሉ ኩነታት ንምፍጣር ምንባሩ ካብ ኩላትና ዝተሰወረ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ምስ ጎረባብቲ ህዝብታትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ድማ፡ ኣብ ሰላምን ምክብባርን ዝተመስረተ ጥዑይ ጉርብትና ብምህናጽ፡ ተሓጋጊዝካን ተኸባቢርካን ምምዕባል ብዝብል መርሆ፡ እናተመርሑ፡ ካብ ሕሉፍ በሰላ ኩናት መሊኦም ሓውዮም፡ መጻኢኦም ዝሓሸ ዝኾነሉ ኩነታት ንምፍጣር ነበረ።

እንተኾነ ግን፡ እዚ ኹሉ ተስፋን ትጽቢትን፡ ብርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን፡ ከም ግመ በኒኑ ተረፈ። ህዝብታትና፡ **ን28 ዓመታት ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም፣ ብዘይ ምርጫ ህዝቢ፡ ንፖሎቲካዊ ስልጣን ከም ብሕታዊ ሕዛእቱ ዝሓዘ ውልቀ መላኺ ክግዝኡ ጸኒሖም ኣሎዉ። ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ፣ ግንባር፣ ካድራት፣ መራሕቲ ሃይማኖታት፣ ወነንትን ኣዳለውትን ሰብ ብሕቲ ጋዜጣታትን ንጹሃት ዜጋታትን፣ ብዘይ ትእዛዝ ቤት-ፍርዲ፡ ኣብ ዘይፍለጡ ጋህስታት ክማስኑን ብኡ ኣቢሎም  ክሓቁን ጸኒሖም ኣሎዉ። መንእሰያትና መጻኢ ዕድሎም ኣብ ዘጸልምት ግዱድ ዕስክርናን ጊላዊ ጉልበትን ንብላሽ ክሕሸሹ ጸኒሖምን ኣለዉን። ብዙሕነታዊ ክውንነት ህዝብታት ኤርትራ ካብ ወጋሕትኡ ተኻሒዱ፡ ኤርትራ ናይ ብሄራትን ዝተፈላለዩ ሃይማኖታትን ቤት-ማእሰርቲ ኮይና፡ ዜጋታታ ይሳቐዩ ኣሎዉ። ማሕበረ ቁጠባዊ መነባብሮ ህዝብታትና ካብ እዋን ናብ እዋን እናንቆልቆለ፡ ኣብ ዓዶም ተረጋጊኦም ምንባር ሓርቢቱዎም፡ በብእዋኑ ናብ ስደት ይነፍጹ ኣሎዉ። ምስ መሓዉራት ጸጥታን ድሕንነትን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምትእስሳር ብዘለዎም መሰጋገርቲ፡ ገንዘቦምን ውሽጣዊ ኣካላት ሰብነቶምን ዝተመዝሓቑ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሃገራት ኣዕራብ ዝተሳቐዩን ሂወቶም ዝጠፍኡን ብዙሓት ወገናትና እዮም። ኣብ ጉዕዞኦም ብዘጋጠሞም  ጽምእን ሃሩርን፡ ኣብ ምድረ-በዳ ሲናይን ሰሃራን ተቐቢሮም ዝተረፉ፣ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ብዝኣረጋን ካብ ዓቕን ንላዕሊ ብዝጸዓናን ጀላቡ ዘጋጥመን ሓደጋ፡ ጠሊቕም ዝተቐዘፉ፡ ናብ መሬት ዓዶም ተመሊሶም ንቡር ሓመድ-ድብ ዝተነፍጎም ወገናትና ቁጽሮም ብርክት ዝበሉ እዮም፡፡**

ኣብ ዘበነ ጨካን ምሕደራ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ህዝብታትና ብሕጽረት ኣድለይቲ ማዓልታዊ ኣገልግሎት፡ ከም ማይ፣ መብራህቲ፣ ነዳድን ሸቐጣትን ብሓደ ወገን፡ ናዓ ተዓጠቕ፣ ተዓለም፣ ሓለዋ ውጻእ ብዝብሉ መበገሲኦም ዘይፍለጡ ወታሃደራዊ መምርሒታት በቲ ካልእ ወገን፡  ርጉእ ሂወት ከየሕልፉ፡ ኮነ ኢልካ ኣብ ሸቐልቀልን ስክፍታን ክነብሩ፡ ብመደብ ክስራሓሉ ጸኒሑን ኣሎን።

ኣብ'ዞም ዝሓለፍናዮም 20 ዓመታት ድማ፡ ጉዳይ ዶብ ከም መመሳመሲ ብምጥቃም፡ ህዝብታትና ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝዘርዘርናዮም ሑቖኦም ዘጎበጡ ከበድቲ ጸገማት ተጻዊሮም፡ ርእሶም ኣድኒኖም ክነብሩ፡ ዝተማህዘ ሰንካም ስልቲ እዩ። ናይ ዶብ ሕቶ ብኮምሽን ዶብ ብይን ምስ ተዋሃቦ፡ ንነባሪ ሰላም ክልቲኦም ኣሕዋትን ኣሓትን ጎረባብቲ ህዝብታትና ብዘውሕስ መንገዲ፡ ብዘተ መዕለቢ ክረክብ እናተገበኦ፡ ውልቀ-መላኺ ኢሳይያስ ስለዝተሓሰመ፡ ህዝብታትና ን16 ዓመታት ዝተሸከሙዎ ኣደራዕ፡ ኣብ ልዕሊ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሂወት ሃገርና ዝወረደ ዕንወት መዘና የብሉን። ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ ኩሉ ሃሙን ቀልቡን፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢህወደግ ሕኒኡ ክፈዲ ስለዝተዋፈረ፡ ኣብ ሃገርና ዝወርድ ዘይተኣደነ ማሕበራውን ቁጠባውን ምንቁልቋል፣ ምዝንባል ህዝብታትናን ስደትን፡ መመሊሱ እናኸፍአ ከደ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተራእዩ ተቓውሞታት፡ ናይ ጸለመ ኣስማት እናለጠፈ፡ ኣብ

ዲያስፖራ ንዝተላዓዓሉ ቃልስታት ድማ፡ ብሃይማኖት፣ ብሄር፣ ኣውራጃን ዓሌትን እናፈላለየ ከዳኽሞ፡ ኩሉ ዝኽእሎ እከይ ተግባራት ክፍጽም ጸኒሑ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ንኹሉ ነገር ደረት ኣሎዎ።

ናይ ሎሚ ዓመት መዓልቲ ናጽነትና፡ ኣብ ፍሉይ ዓለማዊ፣ ዞባዊ፣ ከባብያዊ ኩነታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ብጣዕሚ ፍሉይን ተኣፋፍን ሃገራዊ ኩነታት ድማ ብፍላይ፡ ኮይና ኢና ነብዕላ ዘሎና። ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ምስ ጉዳይ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብዝተኣሳሰረ፡ መንግስቲ ኢህወደግ ዘመሓላለፎ ውሳኔ ተቐቢሉ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሓምለ 2018 ዓ.ም. ናይ ሰላም ስምምዕ ካብ ዝፈራረም ጀሚሩ፡ ዝተፈላለዩ ምስጢራዊ ርክባት ኣካይዱ፡ ዘደንጽዉ መደረታት ካብ ዘስምዓሉ ጽባሕ፡ ብህዝብታትና መሊኡ እናተፈንፈነ፡ ጥራሕ ዝባኑ ኣብ ዝወጻሉ እዋን እያ ትዝከር ዘላ፡፡

ህዝብታት ኤርትራ፡ ነቲ ዝተፈረመ ናይ ሰላም ስምምዕ ብዓብይ ሓጎስን ዕልልታን ዝተቐበሉዎ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። እቲ ብምስምስ ዶብ ምስ ኢትዮጵያ ዝተወልዐ ኣዕናዊ ኩናት ነባሪ ፍታሕ ረኺቡ፡ ዶብ ብህጹጽ ብምምልካት፡ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገሮም ዘውሕስ ነባሪ ፍታሕ ዝረኽበሉ ኩነታት ክፍጠረልና እዩ ብዝብል ተስፋ ነይሩ፡፡ ብተወሳኺ፡ ን20 ዓመታት ካብ ሓዎምን ጎረቤቶምን ዝኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ህዝቢ ትግራይን ዓፋርን ድማ ብፍላይ ተፈላልዮም ብምጽነሖም፡ ናብ ንቡር ማሕበራውን ንግዳውን ዝምድና ክንምለስ ኢና ካብ ዝብል ክቱር ተስፋ ዝነቕል እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ትጽቢት ህዝብታትናን ጥሙሕ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስን ነንበይኑ ኮይኑ። ብሓደ ወገን፡ ነቲ ካብ ወጋሕትኡ ኣብ ናጽነትን ልዑላውነትን ሃገርና ነቒ ዘይብል መርገጺ ዘለዎ ህዝቢ ትግራይን ውድቡ ህወሓትን ዝንጽል ኣጀንዳ እናፈብረኸ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ናብ ማእከል ኢትዮጵያ ኣብ ዘካየዶም መገሻታት፡ ንክብሪ ህዝብታትና ዘነውር፡ ኣብ ልዑላውነትን ናጽነትን ሃገርና ከቢድ ሓደጋ ዘንጸላሉ መደረታት ከስምዕ ተኸታቲልና፤ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ "**<u>ኣነ ቃል ዓለም ኣይፎቱን እየ፤ ንስኻ ክትመርሓና ሓላፍነት ሂበካ ኣሎኹ</u>**" ኢሉ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ መዓንጣ ህዝብታትና ዘሕረረን፡ ዓበይቲ ሕቶታት ከልዕሉ ዝደረኾን እዩ ። ምስ ላዕለዎት መራሕቲ ኢትዮጵያ ዘካየዶም ስምምዓት፡ ካብ እዝንን ዓይንን ህዝብታትና ተመስጢሮም ጸኒሖም ኣሎዉ። ብኣንጻሩ፡ እቶም ን27 ዓመታት ደሃዮም እናሃሰሰ ናይ መወዳእታ ዕርበቶም ክፍጸም ተቐራሪቦም ዝነበሩ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ፡ ብመደረታትን ምስጢራዊ ስምምዓትን ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ ተተባቢዖም፡ ዳግም ንሃገርና ኣካል ኢትዮጵያ ክገብሩ ከምባሁቖ ንርእዮም ኣሎና። ኣብ ሃገርና፡ ኣብ እዋን ናጽነታዊ ገድልና፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ውግኣት ዝሃለቑ ወታሃደራት ኢትዮጵያ፡ መዘከርታ ሓወልቲ ክትከለሎም ዝብል ብሂል ይኹን፡ ምስ ምቛም ሓይሊ-ባሕሪ ኢትዮጵያ ተኣሳሲሩ እንሰምዖም መደረታት፡ ኣብ ልዕሊ ልዑላውነትን ናጽነትን ሃገርና ዘንጸላሉ፡ ናይ ዘሎ ሓደጋ ተወሳኺ ምልክታት ኮይኖም፡ ምስ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ብቐጥታ ዝተታሓሓዙ እዮም።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ብሰንኪ'ዚ ጠላምን ናፋቒ ህውከትን ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ናይ ዶብ ሕቶኦም ጥራሕ ኣይኮነን ከይተመለሰ ተሪፉ። እተን ጠረብ ጠረብ እናበላ ተኸፊተን ዝነበራ ኣፍ-ደገታት ዶብ'ውን፡ ብሃንደበት ጠቕሊለን ተዓጽየን፤ ምስ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ምስ ህዝቢ ትግራይን ዓፋርን ተጀሚሩ ዝነበረ ማሕበራውን ንግዳውን ዝምድና ዓንቂፉዎ ኣሎ። ኣብ'ዚ ጥራሕ'ውን ዝተወሰነ ኣይኮነን። ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ ምስ ጉጅልኡ፡ "**<u>ውሽጣዊ ምርግጋእ ኢትዮጵያ ብቐዳምነት እንሰርሖ ጉዳይ እዩ፤ ናይ ዶብ ጉዳይ ካልኣዊ እዩ</u>"**፡ ኢሉ፡ ሕቡእ ኣጀንድኡ ከተግብር ላዕልን ታሕትን ክብል ፈቲኑ ስለዘይተዓወተ፡ ተሰልቢጡ፡ "**<u>ወያነ መሬትና ስለዘየረከበና፡ ኩናት ምኽፋቱ ኣይከተርፍን፤ ተዳለዉ፤</u>** ብምባል፡ ጉዳይ ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራ ከምዝዓጦ መሲሉ፡ ዳግም ብሞትን መቑሰልትን መንእሰያትና፡ ዕንወት ሃብትን ጥሪትን ሃገርና፡ ዕድመ ስልጣኑ ከቃኒ፡ ተሰለፍ ተኣንጎት ክብል ንርእዮ ኣሎና።

ብርግጽ ኢሳይያስን ምስ ጉጅልኡ፡ ኣቓልቦ ህዝብታትና ናብ ደገ ንምስሓብ ዘብቀዖ፡ ካልእ ኣጀንዳ ስለዝተሓንኮኾ'ምበር፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትራ ዓጢጡዎ ከምዘይኮነ፡ ካብ ኩሉ ኤርትራዊ ዝተኸወለ ኣይኮነን። ቀንዲ መበገሲኡ ከም ጸሓይ ቀትሪ በሪሁ፡ ብህዝብታትና'ውን ምሒር ዝተኻዕበሉ እዋን እዩ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ሰላም ስምምዕ ምስ ተፈራረመ፡ ናይ ዶብ ምምልካት ሕቶ ራሕሪሑዎ ዝኸደ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን። ህዝብታትና፡ ንልዕሊ 27 ዓመታት ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም ክግዝኡ ጸኒሖም እዮም። ዝደልዩዎ መራሒ መሪጾም ዝመሓደሩሉ ዕድል ተሓሪሙዎም። ብዘይ ትእዛዝ ቤት-ፍርዲ ናብ ቤት ማእሰርቲ ዝተደርበዩ ደቆምን መራሕቲ ሃይማኖቶምን ደሃዮም ከይረኸቡ፡ እነሆ ልዕሊ 18 ዓመታት ኮይኑዎም ኣሎ። መንእሰያት ደቆም ብዘይ ሙህሮን ጥዑይ ሓዳርን፡ ኣብ ድፋዓትን ኣገልገልቲ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰራዊትን ኮይኖም፡ ንብላሽ ዕድሚኦም ይበሊ ምህላዉ፡ ብውሽጦም የቐንዝዎም እዩ። በዚ ስርዓት'ዚ፡ ብሄራዊ ህልውነኦም ተኻሒዱ፡ ክብርታት ሃይማኖታዊ እምነቶም ተጋሂሱ፡ ውሽጣዊ ጉዳዮም ክሕንከር ጸኒሑ እዩ። በብእዋኑ ብሕጽረት ማይ፡ መብራህቲ፣ ኣድለይቲ ቀረባት እናተሳቐዩ ዝሓለፉዎም ዓመታት ከይኣኽሎም፡ ገንዘቦም ኣብ ባንኪ ተዓሺጉ፡ ብትኳቦ እናተዓደሉ፡ ሸሚቶም ከይጸገቡ፡ ነጊዶም ከይረብሑ ተሓይሮም ጸኒሖም ኣሎዉ።

እዞም ዓበይቲ ጸገማት ህዝብታትና ፍታሕ ከይረኸቡ ተዓፊኖም ዝጸንሑ፡ "**ዶብና ኣይተመልከተን፤ ልዑላውነትና ኣይተዋሕሰን፤**" ብዝብሉ ኣምሰሉ ምስምሳት እዮም። ስምምዕ ሰላም ምስ ተፈረመ ግን፡ ዶብ ብህጹጽ ተመልኪቱ፡ እቶም ንዓሰርተታት ዓመታት ተዓብዒቦም ዝጸንሑ ውሽጣዊ ሕቶታት፡ ህጹጽ መልሲ ከምዝጠልቡ ፍሉጥ እዩ። ነዞም ሕቶታት'ዚኦም ብዝተፈላለዩ ዲፕሎማስያዊ ዓወታትን ሓደስቲ ዝምድናታትን ዝብሎም፡ ኣንፈቶም ንምስሓት ፈቲኑ'ኳ እንተገበረ፡ መንነት ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ጉጅልኡን ዝበርሃሎም ደለይቲ ለውጢ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣባላት ህግደፍ ዝነበሩ ወገናትና ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ናይ ይኣክል ምንቅስቓስ ተጸንቢሮም፡ ተቓውሞኦም ኣብ ቅርዓት፡ በብእዋኑ ክጉህር ይረአ ኣሎ።

ዝወጠኖም ሕቡኣት ትልምታት ዘይሰመረሉ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ በቶም ኣብ ውሽጢ ፖሎቲካዊ ስርዓቱን ብህዝብታትናን፡ በብእዋኑ ዝላዓሉ ዘለዉ ሕቶታትን ተቓውሞታትን ኣብ ከቢድ ራዕዲ ወዲቑ፤ ነዚ ዘበርዕነሉ ስልቲታት ሃሰስ ናብ ምባል ኣትዩ ኣሎ። እዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ብምስምስ "**ወያነ መሬትና ኣይሃበናን፤ ኩናት ኣይተርፍን እዩ፤ ተዳለዉ**"፡ ዝብል ናይ ኩናት ጎስጓስ፡ መበገሲኡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘለዉ ህዝብታትናን ኣባላት ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻልን፡ ናይ ስርዓት ኢሳይያስ ናይ ኩናት ነጋሪት፡ ዘይዕግበቶምን ተቓውሞኦምን ብዝተፈላለዩ መንገድታት ከንጸባርቑ ይረኣዩ ኣሎዉ፤ ኣብ ዲያስፖራ ዝርከቡ ኤርትራውያን ደለይቲ ለውጢ ድማ፡ ይኣክል ዝብል ናይ ቃልስን ለውጥን ድምጾም፡ መመሊሱ ክሰፍሕን፡ ዓቕሚ ውዳበታቶም ንምሕያል ብዝላዓለ ናህሪ ክንቀሳቐሱ ይረኣዩ ኣሎዉ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ምስ ጉጅልኡ፡ ክንደይ ዳንኬራን ጓይላን ዝገበረላ ናይ ሰላም ስምምዕ፡ መወዳእታኣ ንዕርበቱ ምኳና ኣዐርዩ ተሰዊጡዎ፡ ካብ'ዚኣ ንምምላጥ ላዕልን ታሕትን ይብል ኣሎ። ሕድሪ ሰማእታትናን፡ ንህዝብታትናን ኣካለ-ስንኩላናን ዝኣተዎ መብጸዓን ዝጠለመ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ዳግም ነብሲ ክዘርእ ዕድል ክወሃቦ የብሉን። ከም'ቶም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ብህዝባዊ ማዕበል ዝተጓሓፉ መለኽቲ፡ ኢሳይያስን ጉጅልኡን ድማ፡ ከም ሰብ ተራ፡ መዓልቲ ሓመድ-ድበኦም፡ ዘይተርፍ እዩ። ስለዚ ኩሎም ደለይቲ ለውጢ ህዝብታት ኤርትራ፣ ፖሎቲካዊ ሓይልታት፣ ሲቪክ ማሕበራትን ኣገደስቲ ኣካላትን፡ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም፡ ናይ ይኣክል ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ናይ መወዳእታ ሽቱኡ ክበጽሕ፡ ዝላዓለ ምርብራብ ክገብሩ ይህልዎም። ኣብ ዝኽሪ ዓመታዊ በዓል ናጽነትና፡ ግንቦት 24 ኮይና፡ ናብ ናይ መወዳእታ ስትራተጂካዊ መጥቃዕቲ ንምስግጋር፡ ዕቱብ ዘተን ምምኽኻርን ክነካይደሉ ዝግባእ ዕለት ክኸውን ይግባእ። ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ ኮይና፡ ነቶም ኣካል ኣምሳል ውጹዓት ህዝብታትና ዝኾኑ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን መሓውራት ጸጥታን ፖሊስን ኤርትራ፡ ደወል ህዝባዊ ዓመጽ ህዝብታት ኤርትራ ይቀራረብ ምህላዉ ተገንዚቦም፡ ኣብ ጎድኒ ህዝቦም ተሰሊፎም፡ ነዚ ጸረ ህዝብን ጸረ ዲሞክራስን ጉጅለ ንምውጋድ ሃገራውን ህዝባውን ሓላፍነቶም ክፍጽሙ፡ መጸዋዕታና ነመሓላልፈሉ ዕለት ክኸውን ይህልዎ። ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ከም ወትሩ፡ ኣብ ክሊ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባርና፡ '**ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር**(ኤሃግ)' ተጠርኒፉ፡ ምስ ኩሎም ደለይቲ ለውጢ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ሃገርና ተወሃሂዱ፡ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳያይስን ደገፍቱን ንምውጋድ ኣብ ዝካየድ ወሳኒ ናይ ቃልሲ ጥምጥም፡ ሓላፍነቱ ክፍጽም ድሉው ምኳኑ ብኣጋጣሚ'ዛ ክብርቲ ዕለት ናጽነትና፡ ጉንቦት 24 የረጋግጽ።

- **24 ጉንቦት፡ መዓልቲ ናጽነትና፡ ወትሩ ደሚቓ ክትነብር እያ!!**
- **ልዑላውነትን ናጽነትን ሃገርና፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይነእትዎን!!**
- **ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና፥ ጽንኩር መድረኻት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!**
- **ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!**

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት፡
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
**24 ጉንቦት 2019 ዓ.ም.**